# 12. ስራሕ

ስራሕ ኣብ ስዊዝ  ብ ሕጊ ዝተቀየደ እዩ። እዚ ማለት ካኣ ሕግታት ኣካይዳ ስራሕ ኣሎ ፡ ከም ገደብ ናይ ስራሕ ግዜ፡ ዕረፍቲ ከም ኡውን ገደብ ናይ መስናበቲ ግዜ ይኮውን፡ እዚ ሕጊ ካኣ ኣብ ናይ ውልቃዊ ውዕል ስራሕ ወይ ካኣ ናይ ሓባር ውዕል ስራሕ ይጸሓፍ።

ዋላ ብቓል ዝተገብረ ውዕል ስራሕ ከም ውዕል እዩ ዝሓሰብ፡ እንድሕር  እቲ ውዕል ብጽሑፍ ዘይመጸካ ግን ግደታዊ መሰላት ይትግበር፡ ስለዚ ብዘይ ውዕል ካኣ ስራሕ የለን።

ደሞዝካ ካኣ ወይ ወርሓዊ ወይ ካኣ ብሳዓታት ትክፈል።ካብ ደሞዝካ ካኣ ንዝተፈላለየ ነገራት ከም ናይ ጡረታ ስርሕ ኣልቦነት እንዳ ዓበይቲ ዝኣመሰሉ ይቁረጸካ።

እንድሕር ን ሰሙን ሙሉእ ሓሚምኻ ካብ ስራሕ ቦኺርካ  ካኣ ነተን ዘይመጸእካየን ግዜ ደሞዝካ ከይክፈለካ ይክእል እዩ፡ እዚ  ምክንያቱ ኩሎም  ኣስረሕቲ ስራሕ ድሉዋት ኣይኮኑን ናይ መዓልታዊ ሕማም ገንዘብ ውሕስነት ውዕል ክገብሩ፡ ስለዚ ነተን ዝሰራሕካለን ግዜ ጥራይ ኢካ ትኽፈል፡ ግን እንተደሊካ፡  ናይ ውልቓዊ  ገንዘብ ን ማዓልቲ  ዝብል ኢንሹራንስ Tagesgeldversicherung ውዕል ክትገብር ትክእል ኢካ፡ ንኣብነት ኣብቲ ናትካ ቤት ጽሕፈት ኢንሹራንስ ከይድካ።

እንድሕር ስራሕ ጠጠው ኣቢልካ ካኣ ብቅልጡፍ  ናብ ግማይንደ ኸድካ ስራሕ ጠጠው ከምዘብልካ ትሕብር፡ ኣቡኡ ካኣ እቲ AHV ካርድኻን ናይ ወጻእተኛታት መንቀሳቀሲኻ ወረቀትን ከተቅርብ ኣለካ፡እቲ ኣታሓሳስባ ክፍሊት ድማኒ ካብቲ ናይ ዝከፍልካዮ ወርሓዊ ክፍሊትን ንኢንሹራንስ ዝከፈልካዮ ተራእዮ ይሕሰብ፡ እቲ ዝግባኣካ ብጽሒትካ ካኣ ይትመን። እቲ ቤት ጽሕፈት ስራሕ ኣልቦነት ካሳ ካኣ ስጋብ 80 ሚእታዊት ካብቲ ናይ ቅድም ደሞዝካ ይኸፍለካ።

ብ ዝያዳ ሓቤሬታ ወይ ምክሪ ብዛዕባ ስራሕ ኣብ ባዝል ዝብል ኣር እስቲ ምስ ትደልዩ ንናብ ጉዳይ ቤት ጽሕፈት ወጻእተኛታት Ausländerdienst Baseland ክትውከሱ ትክእሉ ኢኹም፡  ኣብ ከተማ ባዝል ድማ ናብ GGG Migration ተወከሱ።